## ምምስራት ግንባር ናቕፋ ናቕፋ፡ ማእከል

## ስሕበት ሓርነታዊ ቃልሲ

## (5ይ ክፋል)



ሰሎሙን በርሀ

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ፡ ድሕሪ ናይ ሽዱሽተ ወርሒ ከበባ ናቕፋ ብ22 መጋቢት 1977 ብዝተኻየደ ደምሳሲ መጥቃዕቲ ሓራ ከምዝወጸት ገሊጽና ነይርና። ኣብ ናቕፋ ናይ መወዳእታ ውግእ ኣብ ዝካየደሉ ዝነበረ መዓልቲ ናቕፋ ኣብ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ህዝባዊ ሰራዊት ኣትያ ሓራ ዝወጸትሉ ዕለትን ካብቲ ኣብ ኣስመራ ዝነበረ እዚ (መምርያ) 2ይ ክፍለ-ጦር ናብ ሓይልታት ምድሪ (ምድር ጦር ሃይሎች) ዝተመሓላለፈ ቴለግራም ከምዚ ይብል ነበረ፦ ቴለግራም 21/03/1977 “ካብ 12/03/1977 ሰዓት 10፡00 ጀሚሩ ምስ መምርያ ክፍለጦር ርክብ ኣቛሪጹ ዝነበረ መበል 15 ሻለቃ ጦር፡ ካብ ዕለት 21/03/1977 ሰዓት 07፡45 ጀሚሩ ርክብ መስሪቱ ኣሎ። ኣብ'ዚ ዕለት'ዚ ካብ ሰዓት 10፡00 ጀሚሩ ምስ ወንበዴታት (ተጋደልቲ) ኣብ ከቢድ ውግእ ከምዝርከብ ሓቢሩ ኣሎ። ኣብቲ ውግእ ወንበዴታት ካብ መዓስከር ናይቲ ጦር ብወገን ምዕራብ ኣብ ርሕቀት 300 ሜትሮ ዝርከብ ክልተ ናይ ሓለዋ ቦታታት ክቆጻጸሩ ምኽኣሎም ገሊጹ ኣሎ። እቲ ሻለቃ ንሓጺር ግዜ ሬድዮ ርክብ ኣቛሪጹ ስለዝነበረ፡ ኩነታቱ ንምፍላጥ ናብቲ ቦታ ብሲሲና በሪርና ነይርና። ብምኽንያት ደበና ነቲ መዓስከር ምሉእ ብምሉእ ክንርእዮ ኣይከኣልናን። ነፈርቲ ውግእ እውን ክሕግዝአ ከምዘይክኣላ ብኣኽብሮት ንሕብር።” ቴለግራም 22/03/1977 “ሰዓት 07፡45 ናይ ዕለት 21/03/1977 ንሓጺር ግዜ ርክብ ኣቛሪጹ ዝነበረን ካብ

ሰዓት 10:00 ጀሚሩ ምስ ወንበዴታት ኣብ ከቢድ ውግእ ዝወዓለን መበል 15 ሻለቃ ጦር፡ ካብ ዕለት 21/03/1977 ሰዓት 18:30 ንድሓር ሬድዮ ርክብ ጨሪሱ ኣቋሪጹ ኣሎ። ብዕለት 22/03/1977 - ቅድሚ ቀትርን ድሕሪ ቀትርን ብሲሲና ቍ.25 ብምብራር፡ ሬድዮ ርክብ ንምምስራትን ኵነታት እቲ ከባቢ ንምክትታልን ተፈቲኑ ድሃይ ምርካብ ኣይተኻእለን። መምርያ ክፍለ ጦር ኩነታት ናይዚ ደሃይ ኣጥፊኡ ዘሎ ሻለቃ ጦር ንምፍላጥ ክሳብ መጨረሻ ከምዝጽዕር ብኣኽብሮት ይገልጽ።" ናቕፋ ሓንሳብን ንሓዋሩን ካብ መግዛእቲ ተገላጊላ። ናቕፋ ሓንሳብ ሓራ ምስ ወጽኣት፡ ዳግም ብሰራዊት መግዛእቲ ዘይተደፍረት፡ ትእምርቲ (5ይ ክፋል) ሰሎሙን በርሀ ጽንዓት ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነት ማእከል ስሕበት ሓርነታዊ ግጥማት ዝኾነት ጽንዕቲ ዕርዲ እያ። ሓርነት ናቕፋ፡ ኣብ ግዜኡ ፍናን መላእ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ውሽጢን ወጻኢን ዘዕረገ፡ "ሎሚ ናቕፋ ጽባሕ ኣስመራ!" ዝብል ተስፋ ኣስኒቑ፡ ነቲ ስዒቡ ብልዑል ናህሪ፡ ንሰፊሕ ከባቢታት ሃገር ሓራ ዝገበረ ወተሃደራዊ ስርሒታት 1977-1978 ዓ.ም. ድርኺት ዝፈጠረ እዩ ነይሩ። መድረኽ ምሕራር ከተማታት ድሕሪ ሓርነት ናቕፋ ዝሰዓበ መድረኽ 1977-1978 ዳርጋ ዝበዝሓ ከተማታት ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ሓይልታት ሰውራ ዝኣተዋሉ እዩ ነይሩ። ነዚ ምዕባለታት'ዚ ዘምጽአ ብዙሕ ረቛሒታት እዩ። እዚ መድረኽ'ዚ ሰውራ ኤርትራ፡ ብዓቕሚ ሰብን ኣጽዋርን ጎልቢቱ፡ ምምሕዳራዊን ሎጂስቲካዊን ብቕዓቱ ክብ ኢሉ፡ ምልከት ኣጠቓቕማ ኣጽዋርን ናይ ውግእ ስልቲን ዘዕበየሉ መድረኽ ክኸውን እንከሎ፡ ብኣንጻሩ እቲ ብዕልዋ ኣብ ስልጣን ዝመጸ ወተሃደራዊ ሰርዓት ደርግ፡ ገና ውሽጣዊ ርግኣት ዘየረጋገጸ ኣብ ርእሲ ምንባሩ፡ ጸግዒን ደገፍን ናይታ ቀንዲ ደጋፊት ስርዓት ሃይለሰላሰ ዝነበረት ኣመሪካ ተነክዩዎ፡ ዓቕሚ ሰራዊት ኢትዮጵያ ዝተዳኸመሉ እዋን ነበረ። ነዚ ኩነታት'ዚ ብምግምጋም ከኣ ህዝባዊ ግንባር "ሰብን መሬትን በብቕሩብ ሓራ ምውጻእ" ዝብል ስትራተጂ ብምሕንጻጽ መጥቃዕቲታቱ ኣሐየሎ። ቀቅድሚ ሓርነት ናቕፋ ኣብ ጥሪ 1977 ኣብ ሰሜናዊ ጫፍ ኤርትራ ዶብ ሱዳን እትርከብ ቅሮራ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ህዝባዊ ሰራዊት ኣትያ ነበረት። ድሕሪ ናይ ሽዱሽተ ወርሒ ጽኑዕ ከበባን ሓያል ውግኣትን ርእሰ ከተማ ኣውራጃ ሳሕል ናቕፋ ሓራ ምስ ወጽአት ከኣ፡ ኣፍዓበት ግዜ ኣይወሰደትን፡ ኣብ ሚያዝያ 1977 ተሓረረት። መላእ ሳሕል ከኣ ሓራ ኰነ። ድሕሪ ሓርነት ናቕፋን ኣፍዓበትን፡ ምስ ምብዛሕ ናብ ሰውራ ዝስለፉ መንእሰያት፡ ህዝባዊ ግንባር ብደረጃ ቦጦሎኒ ዝነበረ ኣወዳድባ ሰራዊቱ ናብ ደረጃ ብርጌዳት ክዕብዮ ወሰነ። ኣብ ግንቦት 1977 ከኣ፡ ኣብ ሰለስተ ቦታታት

መንተብለ፡ ናቕፋን ማዕሚደን ምውድዳብ (ተኸሊቶ) ናይ ሰራዊት ተገይሩ ብርጌዳት ቈማ። ኣብ መንተብለ ኣብ ዝተገብረ ተኸሊቶ፡ ቦጦሎኒ 3 ምስ ቦጦሎኒ 301 ተሓናፊጸን፡ ብርጌድ 51 ከምኡ'ውን ንሓንቲ ቦጦሎኒ (ቦጦሎኒ 3) ናይ ብርጌድ 23 ኣቘማ። ኣብ ማዕሚደ ኣብ ዝተገብረ ተኸሊቶ ቦጦሎኒታት 2፡ 5፡ 6፡ 7 ንብርጌዳት 44፡ 70 ከምኡ'ውን ንክልተ ቦጦሎኒ ብርጌድ 8 ኣቘማ። ኣብ ናቕፋ ኣብ ዝተገብረ ተኸሊቶ ቦጦሎኒታት 4፡ 9፡ 607 ¬ንብርጌድ 4 ከምኡ'ውን ነተን ዝተረፋ ክልተ ቦጦሎኒታት ብርጌድ 23 (ቦጦሎኒ 1፡ 2) ነታ ዝተረፈት ሓንቲ ቦጦሎኒ ናይ ብርጌድ 8 ኣቘማ። ሓንቲ ኣብ ብርጌዳት ዘይኣተወት ብዓሊ ኩቦኒ እትምራሕ ቦጦሎኒ ድማ ቈመት። እዛ ቦጦሎኒ'ዚኣ፡ ጸኒሓ ማለት ኣብ መጀመርታ መጋቢት 1978 ናብ ብርጌድ 58 ዝዓበየት እያ። ቦጦሎኒታት ከቢድ ብረት 10ን 500ን ከኣ ተሓናፊጸን ንብርጌድ 76 (ከቢድ ብረት) ኣቘማ። ኣብ ግንቦት 1978 ካብ ኵለን ኣሃዱታት ተዋጺኣ ሓንቲ ሓዳስ ብርጌድ 31 ክትቀውም እንከላ፡ ኣብ መስከረም ናይቲ ዓመት'ቲ "ገለብ" ብዝብል ስም እትጽዋዕ ቦጦሎኒ ከም እትቐውም ተገብረ። ኣብ መጋቢት 1979 ብርጌድ 8 ምስ ቦጦሎኒ ገለብ ተሓንፊጻ፡ ንብርጌድ 77 ኣቘመት። ኣሃዱታት ስለያን ወተሃደራዊ ሃንደሳን እውን ብተመሳሳሊ ብዓቕሚ ሰብን ውዳበኣንን ካብቲ ናይ ቅድሚኡ መድረኽ ዝያዳ ከምዝጠናኸር ተገብረ። ኣብቲ ናይ ፈላማ ኣቋውማ፡ ነፍሲ ወከፍ ብርጌድ፡ ወተሃደራዊ ኣዛዚ፡ ናይ ፖለቲካ ኮምሽነርን ናይ ዞባ ጸሓፊን ተባሂሎም ብዝጽውዑ ሰለስተ ሓለፍቲ ትምራሕ ነበረት። ድሕሪ ተኸሊቶ ናይ1977፡ ብርጌድ 4 ኣብ ሰሜን፡ ብርጌድ 23 ኣብ ዓንሰባ፡ ብርጌድ 70 ኣብ ባርካ፡ ብርጌድ 51 ኣብ ደቡብ፡ ብርጌድ 44 ኣብ ምብራቕ (ሰምሃር)፡ ቦጦሎኒ ዓሊ ኩቦኒ ኣብ ደንከል፡ ብስውእ ወልደሩፋኤል ስብሃቱ፡ ሮሞዳን ኣወልያይ እትምራሕ (ጸኒሑ ስውእ ፍስሃየ ወልደገብርኤል ዝተመደባ) ብርጌድ 76 ከቢድ ብረት ድማ፡ ኣብ ኵሉ ዞባታት ፋሕ ኢላ ነተን ኣጋር ብርጌዳት ዘድሊ ደገፋት ትገብር ነበረት። እዚ ኣቃውማ'ዚ ንመስርሕ ምሕራር ከተማታት ብቑዕ ባይታ ኮና። ድሕሪ ሓርነት መላእ ሳሕል፡ ደርግ ተሰናቢዱ ኣብ ከረን ዝነበረ ሰራዊቱ ከጠናኽር ወሰነ። ነቲ ኣብ ምዕራብ ኤርትራ ዝነበረ ሰራዊት ግን ከጠናኽሮ ዓቕሚ ኣይነበሮን። በዚ ድማ ሓይልታት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ (ተ.ሓ.ኤ.) ኣብ ሚያዝያ 1977 ንወርሒ ዝኣክል ኣብ ተሰነይ ደብዳብ ከቢድ ብረትን ንኣሽቱ ግጥማትን ኣካየዳ። ሰራዊት ደርግ ተበታቲኑ ተሰነይ ሓራ ኰነት። ኣብ ሓምለ 1977 ህዝባዊ ግንባር ኣብ ሓደ እዋን ኣብ ከረንን ደቀምሓረን መጥቃዕቲ ብምፍናው ንክልቲኣን ከተማታት ተቘጻጸረን። እዚ

ስርሒት'ዚ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ዓቢ ብስራትን ተስፋ ናጽነትን ዘሰነቐ ነበረ። ንስርዓት ደርግ ድማ ብኡ መጠን ከቢድ ስንባደ ፈጠረሉ። “ኤረየ ኤረና ከተማታት ኮይኑ መዓስከርና” ተባሂሉ ዝተደርፈ ኣብቲ መድረኽ'ቲ እዩ። ድሕሪ ምሕራር ከረንን ደቀምሓረን፡ እቲ ዝዓበየ ስግኣት ሰራዊት ደርግ መገዲ ባጽዕ ኣስመራ ከይዕጸዎ ነበረ። ኣብ ከምዚ ኩነት እንከሎ፡ ኣቐ'ርደት ብሓይልታት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሓራ ኰነት። ኣብኡ ዝነበረ ሰራዊት ሃዲሙ ኣብ ባረንቱ ተኣከበ። መንደፈራ እውን ብሓይልታት ተጋድሎ ሓርነት ሓራ ወጸት። ካብኡ ዝሃደሙ ወተሃደራት ምስቶም ኣብ ዓዲ-ኳላ ዝነበሩ ወተሃደራት ተተሓሒዞም መረብ ሰጊሮም ራማ ኣተዉ። ሰገነይቲን ድግሳን እውን ኣብ መጀመርታ ነሓሰ 1977 ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ኣትየን ነበራ። ኣብዚ መድረኽ'ዚ ከይተጠቕሰ ክሓልፍ ዘይግባእ ፍሉይ ስርሒት ድማ፡ ካብ ቤት ማእሰርቲ ሰምበል እሱራት ዝወጽሉ ካልኣይ ስርሒት እዩ። (ኣቐዲሙ ብ1975 ሓይልታት ተ.ሓ.ኤ. ዝተፈጸመ ቀዳማይ ስርሒት ምውጻእ እሱራት ነይሩ እዩ።) ድሕሪ'ዚ ምዕባለታት'ዚ መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር፡ እቲ መትኒ ሰራዊት ጸላኢ ዝነበረ መገዲ ኣስመራ ባጽዕ ክዕጸ ወሰነ። በዚ መሰረት፡ ኣብ ጥቅምቲ 1977 ኣብ መስመር ኣስመራ-ባጽዕ ኣብ ድግድግታ መጥቃዕቲ ተፈጸመ። እቲ መትኒ ተበትከ። ነዚ መስመር'ዚ ንምኽፋት ሰራዊት ጸላኢ ብወገን ባጽዕ ይኹን ብወገን ኣስመራ ዝፈተኖ ጸረ-መጥቃዕቲታት ኣይሰለጦን። ኣብ ታሕሳስ 1977 ባጽዕ ንምሕራር፡ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት መጥቃዕቲ ፈነዋ። ብዘይካ ጥዋለት፡ ርእሲ ምድሪ፡ ግራርን ናቫል-በይዝን ከኣ ዝተረፈ ክፋል ባጽዕ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽረን ኣእተውኦ። ኣብ ጥሪ 1978 ደንጎሎ፡ ጊንዳዕ፡ ማይሓባር፡ ነፋሲት ክሳብ ሰይድቺ ዝርከብ ቦታታት ሓራ ኮነ። ኣብ መወዳእታ ጥሪ 1978 እምበኣር ብዘይካ'ቲ ዝተጠቕሰ ክፋል ባጽዕ ከምኡ'ውን ዓሰብ፡ ዓዲቐይሕ፡ ባረንቱን ኣስመራን መላእ መሬት ኤርትራ ሓራ ወጺኡ ነበረ። ባረንቱ ሓራ ንምውጻእ ኣቐዲሙ ብሓይልታት ተ.ሓ.ኤ.፡ ጸኒሑ ከኣ ብሓይልታት ህዝባዊ ግንባርን ተሓኤን ሓባራዊ ፈተነ እኳ እንተተኻየደ ክሰልጥ ኣይከኣለን። ዓዲቐይሕ ንምሕራር ብወገን ህዝባዊ ግንባር ዝተገብረ ፈተነ እውን ኣይተዓወተን። ድሕሪ ምሕራር ዝበዝሓ ከተማታት ዓቕሚ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር፡ ኣብ ብዙሕ ግንባራት ማለት ኣብ ግንባር ባጽዕ፡ ግንባር ሰይዲቺ፡ ግንባር ሰሓርቲ፡ ግንባር ዓዲቐይሕ፡ ግንባር ሰሜን (ካብ ድርፎ ክሳብ ደቀተሽም) ተዘርጊሑ፡ ሰራዊት ደርግ ካብ ከበባ ንምውጻእ ዘካይዶ ዝነበረ ናይ ዓቕሊ ጽበት ፈተነታት ኣብ ምምካት ተጸምደ። ሓይልታት ተ.ሓ.ኤ. እውን ኣብ

ግንባር ሰላዕ ዳዕሮ ዓሪደን ንመጥቃዕታት ሰራዊት ደርግ ይምክታ ነበራ። ኣብ ሓምለ 1977 ስርዓት ስያድ ባረ ናይ ሶማል፡ መሬት ኦጋዴን፡ “እጀታይ'ዩ!” ብምባል፡ ነቲ ኣንጻር ስርዓት ኢትዮጵያ ብረታዊ ቃልሲ ዘካይድ ዝነበረ ሃገራዊ ግንባር ሓርነት ኦጋዴን ብምድጋፍ፡ ሰፊሕ ክፋል ምብራቕ ኢትዮጵያ ተቈጻጸረ። ስርዓት ደርግ፡ በቲ ኣብ ኤርትራን ሶማልን ዝገጠሞ ከቢድ ኲናት ዓቕሉ ጸበቦ። እንተኾነ ኣብዚ ጽንኩር እዋን'ዚ ሓድሽ ፖለቲካዊን ወተሃደራዊን ምዕባለታት ተፈጥረ። ደርግ ጸግዒ ምብራቓዊ ደምበ ስለ ዝሓዘ፡ ምስ ሕብረት-ሶቭየት ወተሃደራዊ ዝምድና ብምምስራት ገዚፍ ኩለንተናዊ ወተሃደራዊ ደገፍ ረኺቡ፡ ወተሃደራዊ ሓይሉ ዳግም ክሃንጽን ከዕቢን ጀመረ። ኣብ ሓጺር ግዜ ድማ ኣማኢት ኣሽሓት ምልሻ ሰራዊት ዓሊሙን ኣዕጢቑን፡ ብናይ'ቲ ግዜ'ቲ መዐቀኒ ኣዝዩ ዘመናዊ ኣጽዋር ዝዓጠቐ መካናይዝድ ሰራዊትን ሓይሊ ኣየርን ኣጠናኺሩ፡ ካብ ምክልኻል ናብ መጥቃዕቲ ተሰጋገረ። ኣብ ለካቲትን መጋቢትን 1978 ኣብ ምብራቕ ኢትዮጵያ ብዝፈነዎ ሓያል መጥቃዕቲ ከኣ ንሰራዊት ሶማል ሰዓሮ። ኣብዚ ኲናት'ዚ፡ ደርግ ናይ ኣጽዋር ሓገዝ ጥራይ ኣይኮነን ረኺቡ። ኣስታት 20 ሽሕ ዝኾኑ ብተዋጋእቲ ሄሊኮፕተራትን መካናይዝድ ሓይልን ዝተሰነዩ ወተሃደራት ኲባን ዓደናውያን ታንከኛታትን ኣብ ጐድኒ ሰራዊት ደርግ ተሰሊፎም እዮም። ሶቭየታውያን ኣማኸርቲ፡ ሓካይምን ካልኦት ናይ ዝተፈላለየ ዓውዲ ክኢላታትን እውን ኣብቲ ውግእ ከምዝተሳተፉ ይፍለጥ። ድሕሪ'ዚ ዓወት'ዚ፡ ደርግ፡ ‘ናይ ምብራቕ ዓወት ኣብ ሰሜን ክንደግሞ ኢና!’ ብምባል፡ ዓቢይ ክፋል ሰራዊቱ ናብ ኤርትራ ኣቕንዩ። ወተሃደራዊ ሚዛን መሰረታዊ ምቅይያር ኣምጺኡ እቲ ሚዛን ብዓቢ ጸብለልታ ናብ ደርግ ስለ ዝዛዘወ ከኣ፡ እቲ ኣብ ኤርትራ ክስዕብ ዝኽእል ኩነታት ብሩህ እናኾነ ከደ።